Washington State Parks

EMBRACE YOUR NATURE

# ተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**እንታይ መናፈሻታት፣ መዘናግዒ ቦታታት ክፉታት እዮም፧**
ካብ ሰነ 4 ጀሚሩ፣ ዝበዝሓ መንግስታዊ ናይ ሓፋሽ ቦታታት ንመዓልታዊ ኣገልግሎት ዳግም ተኸፊቶም **ኣለዉ**።

**ካምፒንግ/ሰፈራ** ኣብ ናብ ናይ መንግስቲ ደረጃ 2 ዝተሰጋገሩ ካዉንቲታት ክኽፈት ጀሚሩ። ናይ Jay Inslee [Safe Start (ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ኣጀማምራ)](#) ውጥን።

ኣብ ደረጃ 2 ዝኾና ሃገራት ዝርከቡ ናይ መንግስቲ ፓርክታት ጀልባታትን ማሪናታትን ተኸፊቶም።

ናይ ሰፈራ ቦታታት፣ ፓርክታትን ካልኦት ናይ መንግስቲ መዘናግዒ ቦታታት ህሉው ኩነታት ንምፍላጥ ናብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥

- Washington State Parks — [ናይ ፓርክታት ኩነታት](#)
- Washington Department of Fish and Wildlife — [ዝርዝር ዕጹው ቦታታትን ገደባትን](#)
- Washington State Department of Natural Resources — [ናይ መዘናግዒ ቦታታት ምኽፋት](#)

**መዘኻኸሪ፡** ሓደሓደ ናይ ደረጃ 2 ካውንቲታት ዝርከቡ ፓርክታት ቀልጢፎም**ከይክፈቱ ይኽእሉ** ብመሰረት ናይቲ ሃገር ሰበ ስልጣን ዝህብዎ መምርሒ። Washington State Parks ምስዞም ሕብረተሰባት ብምትሕግጋዝን ብሓባር ብምስራሕን ካምፒንግ ንክኽፈት ዝሓሸ መንገዲ ንምርካብ እንዳሰርሑ ይርከቡ።

**Discover Pass የድልየኒ ዶ፧**
እወ ኣብ ናይ መንግስቲ መዘናግዒ ቦታታትን ከምኡውን ብWashington State Parks ከምኡ ድማ Department of Natural Resources (DNR) ዝመሓዳደሩ ናይ ማይ ቦታታትን መጎዓዝያና ጠጠው ንምባል እቲ Discover Pass ይጠቕመና። እዞም ቦታታት ድማ ናይ መንግስቲ ፓርክታት፣ ማይ ዝርከበሎም ቦታታት፣ ናይ ቅርሲ ስፍራታት፣ እንስሳ ዘገዳም ከምኡ'ውን ተፈጥሮኣዊ ቦታታት፣ ናይ DNR ማዓስከራት፣ መገድታትን ርእሲ መገድታትን ከምኡ'ውን ብ DNR ዝመሓደሩ ክሎም ከበሳታት የጠቓልል። እቲ Discover Pass ኣብ ናይ መንግስቲ ፓርክታት ኣብ ቀትሪ ንምብጻሕ ጥራሕ የገልግል።

ብ Washington Department of Fish and Wildlife (WDFW). ንዝመሓደሩ ቦታታት እዉን Discover Pass የድሊ። እዚ ድማ ማይ ዝርከበሎም፣ እንስሳ ዘገዳም ዝርከበሎም ቦታታት ብዘይ [Vehicle Access Pass](#) ንዓሳ ንምፅማድ ወይድማ ንምህዳን ዝተውሃበ ፍቓድ የካትት።

**ናይ መንግስቲ ቦታታት ኣብ ተዓጽዮምሉ ዝነበሩ ግዜ Discover Pass ምንዋሕ ወይ ድማ ምምላስ ይከኣል'ዶ፧**
Discover Passes ምንዋሕ ይኹን ምምላስ ኣይከኣልን።

ዓመታዊ ናይ Discover Pass ክፍሊት $30 እዩ። ማዓልታዊ ክፍሊት $10 ስለዝኾነ ናይ ዓመታዊ ክፍሊት ባዕሉ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዑደት ይኽፍል።

ናብ 12 ኣዋርሕ እንተተመቒሉ፣ ወርሓዊ ክፍሊት $2.50 ይኸዉን። መንግስታዊ ቦታታት ካብ መጋቢት 23 ክሳብ ግንቦት 5 ንልዕሊ ሓሙሽተ ሰሙናት ተዓጽዮም ኔሮም።

ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ መወዳእታ ዘጋጠመ ዓቢ ኢኮኖምያዊ ውድቀት መንግስታዊ ፓርክታት — ኣብዚ ጽድያ እዚ ዓቢ ዝኾነ ኣታዊ ምስኣን ኣጋጢምዎም።

እንተኾነ ግና ኣብዚ ክረምቲ መናፈሻታት ክፍለሃገር ዋሽንግተን ከምኡውን ካልኦት መንግስታዊ ፓርክታትን ቦታታትን ክትዓግቡሎምን ካብቲ ፍቓድ ብሉጽ ጥቕሚ ክትረኽቡሉን ንላቦ።

**ናይ ቆልዑ መጻወቲ ሜዳታት ናይ ክፉታት ድዮም፧**
ናይ COVID-19 ለበዳ ንምቕናስ ኣብ ክፍለሃገር ፓርክታት ዝርከቡ መጻወቲ ቆልዑ ክሳብ ኣብ ቀጻሊ ምልክታ ዝውሃብ ተዓጽዮም ይርከቡ።

**ሽቓቓት ክኽፈቱ ድዮም፧**
እወ ክፉታት ኣብ ዝኾኑ ፓርክታት ኣብ ካምፕግራዉንድን ኣብ ቀትሪ ንተጠቃማይ ክፍቲ ዝኾኑ ቦታታትን ዝርከቡ ሽቓቓት ክፉታት ይኾኑ። ኣብ ዕጹው ካምፕግራዉንድ ከምኡ'ውን ኣብ ሓደሓደ ቦታታት ሽቓቕ ዕጹው ክኸውን ይኽእል።

ድልዋት ኩኑ ናይ ውልቀኹም መከላኸሊ መሳርሕታት፣ ማይ፣ ሳሙና፣ ናይ ኢድ መጽረዪ ኣልኮልን ሶፍትን ሒዝካ ምምጻእን ኣሺግካ ብጥንቃቐ ምሓዝን የድሊ።

ናይ ፓርክ ኣብያተ-ጽሕፈት ከምኡውን ናይ መጻሕትሪ ማእከላትን ናይ ፓርክ ህንጻታትን ንህዝቢ ሕጂ ውን ዕጹዋት እዮም።

**መዕሸጊ መራኽብ፡ ሙሬጅን መሳለጥያታት መናፈሻ ባሕርን ክፉታት ድዮም፧**
ተጠቃምነት መዕሸጊ መራኽብ ፍቑድ'ዩ፡ ሙረጅ ከኣ ኣብ ክፉታት ዝኾኑ መናፈሻታት ክፉት'ዩ። መዕሸጊ መራኽብ ዝጥቀሙ ምስ ካልኦት ሰባት ማሕበራዊ ርሕቐቶም ምሕላው የድሊ።

ኣብ ናይ ባሕሪ መንግስታዊ ፓርክታት ዝርከቡ ሽቓቓት ብዝተወሰነ መልክዕ ክፍቲ ይኾኑ። ዝተጠቐምናሎም ኣቑሑ ኣሺግና ምሳና ምሓዝ የድሊ። ኣብቶም ደሴታት ድማ ዝስተ ማይ ኣይክህሉን።

**ጀልባ ምእሳር ተቖጻጻሪ ክህልዎ ድዩ ወይ ክትትል ይግበረሉ ድዩ፧ ኣብ ገምገም ባሕሪ ንዲንጊታት ዝኸዉን መዕረፊ ክህልው ድዩ፧**
ቅድሚ ለበዳ COVID-19 ምግጣሙ ዝነበረ ናይ ጀልባ ምእሳር ቁጽጽር ልክዕ ከምኡ ሕዚውን ይቕፅል። ፍሉይ ቁጽጽር ኣይግበርን።

**ፓምፕ ኣውትስ ኣብ ስራሕ ይርከቡ ድዮም፧**
ኣብ ውሽጢ መንግስታዊ ፓርክታት ዝርከቡ ዉሑዳት ፓምፕ ኣውትስ ክፍቲ እዮም።

ዝበዝሓ ኣብ ዋሽንግተን ዝርከቡ ፓምፕ ኣዉትስ ኣብ ናይ ሓፋሽ ወይድማ ናይ ውልቀ ማሪና ይርከቡ። ጀልባ ዝጥቀሙ ውልቀሰባት ክፍቲ ምዃኖምን ፓምፕ ኣዉትስ ይሰርሑ ምህላዎምን ምስ ማሪና ብምርኻብ ከረጋግጹ ይግባእ። ኣብ ዋሽንግተን ዝርከቡ ፓምፕ ኣዉት ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ብጽሑ፥ [parks.state.wa.us/657/Pumpout](parks.state.wa.us/657/Pumpout)

**ሓደ ፓርክ ቀትሪ ጥራሕ ዝኽፈት እንተኾይኑ እቲ ፓርክ ኣበየናይ ግዜ ይዕጾ፧**
ቀትሪ ጥራሕ ዝኽፈቱ ፓርክታት ኣጋምሸት ይዕጸዉ።

**ንካምፒንግ ወይድማ ንምሽት ዝተትሓዘ ቦታ እቲ ገንዘብ ሙሉእ ተመላሲ ምግባር ይከኣል'ዶ፧**
ኣብቲ ኩነታት ይውሰን…

- **ናይ ምሸት ዑደተኛታት እቲ ፓርክ ብምዕጻው ክጥቀሙ ዘይከኣሉ ሰባት፡** ቦታ ዝሓዙ ናይ ምሸት ዑደተኛታት እቲ ፓርክ ብምዕፃዉ ክጥቀሙ ዘይከኣሉ ሰባት ብምዝርራብ ገንዘቦም ሙሉእ ተመላሲ ንምግባር ንሰርሕ ኣለና።
- **ናብ ክፍቲ ዝኾኑ ናይ ካምፒንግ ፓርክታት ክበፅሑ ዝመጹ** ብዘይካ ቦታ ንመትሓዚ ዘድሊ ክፍሊት ($8 ክሳብ $10 ቦታ መትሓዚ ክፍሊትን $8 ክሳብ 10 ናይ መቋረጺ ክፍሊት) ሙሉእ ተመላሲ ገንዘብ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ቦታ መትሓዚ ክፍሊት ብኢንተርኔት እንተኾይኑ $8 ብስልኪ እንተኾይኑ ድማ $10 ይኸዉን።

ብዛዕባ ህሉው ናይ ካምፒንግ ቦታ ምሓዝ ሕቶ እንተሃይዩኩም ናብ (888) CAMPOUT ወይድማ (888) 226-7688 ደውሉ።

**ሕጂ ንካምፕፒን ተዓጽዩ ኣብ ዝርከብ ፓርክ ቦታ ሓዚአ እንተልየ'ኹ፤ ዝሓዛእክዎ ቦታ ከምዝተቛረጸ መኣስ ክፈልጥ ይኽእል፧**
ምስቲ ዝለዋወጥ ዘሎ ኩነታት ኣብ ንሰርሓሉ ዘለና እዋን ተርኢዩና ንዘለኹም ትዕግስቲ ክነመስግን ንፈቱ። ናይ ዕረፍቲ ውጥናትኩም ኣገዳሲ ምዃኑ ኣፀቢቕና ስለንፈልጥ ኣብትፈትውዎ Washington state park ካምፕ ክትገብሩ ተስፋ ንገብር።

በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ፓርክ ኣብ እታ ዝተለምኩምላ ዕለት ንካምፒንግ ከምዘይክፈት ድሕሪ ምርግጋጽ ኢና እቶም ዝተትሓዙ ቦታታት ንኽቋረጹ ንገብር። ስለዚ ክሳብ ውሑዳት መዓልታት ቅድሚ እታ ንምጽናሕ ዝመደብኩማ ካባና ደሃይ ዘይክትረኽቡ ትኽእሉ።

ብምኽንያት ምዕጻው ካምፒንግ እቲ ፓርክ ዝተተለሙ ዑደታት ክነቋርጽ እንተኾይና ድማ ብኢሜል ኣፍሊጥና ሙሉእ ናይ ገንዘብ ተመላሲ ንገብረልኩም።

ብዛዕባ ናይ ዝተተለመ ዑደት ሕቶ እንተሃሊዩኩም ናብ ጉጅለ ምዝገባና 888-CAMPOUT (888-226-7688) ይደውሉ።

**ምስ በዝሒ ሰብ ጸገም እንተሃሊዩ እቶም መንግስታዊ ቦታታት ይዕጸዉ'ዶ፧**
እቶም ቦታታት እንትንከፍት ሰባት ማሕበራዊ ርሕቀቶም ንክሕልዉ ንምዕድ። ናይ ሰባት ምእካብ ይኹን ማሕበራዊ ርሕቀት ዘየኽብር ሰብ እንተበዚሑ ዝተወሰነ ቦታታት ወይ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ እቲ ፓርክ ንክንዓጹ ንግደድ።

ምስ COVID-19 ዝተተሓሓዘ ሓድሽ ምልጋብ እንተተራኢዩ Washington Departments of Fish and Wildlife (WDFW) ከምኡውን Natural Resources (DNR)ን መንግስታዊ ፓርክታትን ናይ ሓፋሽ ጥዕና ንምሕላው ገደብ ዘለዎ ናብ ቦታታት ምዕፃው ክኣቱ ይኽእል።

**ናይ ሰብ ምብዛሕ፣ ጓሓፍ ወይ ድማ ካልኦት ናይ እንስሳ ዘገዳም ይኹን ጀልባ ኣብ ምጥቃም ጸገም እንተሃሊዩ ንWDFW ብኸመይ ሪፖርት ክገብር ይኽእል፧**
ሰባት [ጸገማት ሪፖርት ](#) ኣብ ናይ Washington Department of Fish and Wildlife's ድሕረ ገፅ ምግባር ይካኣል።

**ናይ ከባቢየይ መንግስታዊ ፓርክ ኣብ ምፅራይ ንምሕጋዝ ክምዝገብ ይኽእል ዶ፧**
ኣብዚ እዋን እዚ ኣይከኣልን። ናይ ፍቓደኛ ሰራሕተኛታትና ኣብ ስራሕ ንዘሕልፍዎ ግዜኦም ክነመስግን ንደሊ። ኮይኑ ግና ክሳብ ካሊእ መመልከቲ ዝወፅእ ኣብዚ እዋን ምንም ዓይነት ናይ ፍቓደኛ ስራሕቲ ኣይክህልዉን። ኣብዚ ናይ ክረምቲ መወዳእታ መንግስታዊ ፓርክ ካምፒንግን ካልኦት ናይ ፍቓደኛ ስራሕቲን ንምጅማር ይጽዕር ኣሎ። ምዕባለታት እንተሃሊዮም ምምልካት ወይ ድማ ነቲ Volunteer Program ንምርካብ ብ ኢሜል ወይ ብስልኪ (360) 902-8583 ምርካብ ይከኣል።

**ኅጆታት ወይድማ የርት መኣዝ ይኽፈቱ፤**
ኅጆታት፣ የርትን ገጠራዊ መጸለልን ክሳብ ጁን 30 ሓደሽቲ ቦታ ንዝሕዙ ዑደተኛታት ዕፁዋት ይኾኑ። ኣብ ሰነ ክኽፈቱ ንዝኽእሉ ኅጆታት፡ ህሉው ዝተሓዝኡ መደባት ክኽበሩ እዮም።

**ናይ ጉጅለ ካምፕግራውንድ ክፉት ድዩ፤**
ክሳብ ሓድሽ ምልክታ ዝወጽእ ናይ ጉጅለ ካምፕ ዕፅው ኮይኑ ይፀንሕ።

**ናይ ዕረፍቲ ገዛውቲ ክፍቲ ድዮም፤**
ናይ ዕረፍቲ ገዛውቲ ክሳብ ሓድሽ ምልክታ ዝወጽእ ዕፅው ኮይኖም ይፀንሑ።